**ናይ መንግስቲ ጣልቃ ምእታዉ**

ዘይተመጣጠነ ናይ ዕዳጋ ኣገባብ ዓቕኑ ናብ ዘይምርግጋእ ናይ ጠለብን ቐረብን ዝዘምበለ እዩ። ባህርያዊ ዑደት ናይ ፊሕታን ምዝሕታልን ንዉሽጣዉን ንወጻእን ምርግጋእ ይሃሲ። ንምንቅስቃስ ንምርግጋእን ኢኮኖሚ ብነጋዶ ወይስ ብመንግስቲ ኣብ ዝብል እቲ ጽልዋ ናይ ደረጃኡ ንኽትዕ ክፉት እኳ እንተኾነ ኣብ ዝበዝሕ እዋን ግን ቁቡልን ኣድላዪን እዩ ጣልቃ ናይ መንግስቲ ምእታዉ። ዉድድር ናይ ዕዳጋ ንህብትን ኣታዉን ብርትዓዊ ዘይኮነ ኣካይዳ የከፋፍል ኮይኑ ድማ ነቶም ረቋሒ ኣታዊ ዘለዎም ጥራሕ እዩ ዓስቢ ዝህብ። መንግስቲ እቲ ዝዋሓደ ዝተደላደለ ሂወት ንኹሉ ከዳሉ ማሕበርዊ ተመራጺ እዩ ይብልን ይኣምንን። ዕላማ ናይ መንግስቲ እምበኣር ንህብትን ኣታዉን ብምዕሩይ ዝኾነ ኣመቓራርሓ ነቲ ዘሎ ዘይምዕሩይነት እንዳነከየ ምንባይ ምእላይ ምቅራብ እዩ። መኸሰብ ንምብዛሕ ኣብ ዝጻዓረሉ እዋን ነጋዶ ናይ ዓማዊል ድልየት ዕሸሽ ወይ ጉስይ የብልዎ። እዚ ድማ ሕጽረት ናይ ዉድድር ምስ ዝህሉ እዩ። ናይ ዓማዊል ርዉየት መታን ክማላእ ወይ ደርጃኡ ክልዕል ብቁዕ ዝኾነ ናይ ሀብቲ ምምቕራሕ ንምጉንጻፍ ናይ መንግስቲ ጣልቃ የድሊ።

***መንግስቲ ብኸመይ ጣልቃ ይኣትው?***

ንኣብነት ኤለክትሪክ ሓደ ኣገልግሎት መንግስቲ ከቕርቦ ዘለዎ እዩ ምኽንያቱ ሽቃጦ ኣይክእሉን እዮም።

ከምኡዉን ዲጋታትን ጽርግያታትን ሆስፒታላትን ክሊኒካትን ዩኒቨርስትን ካሎጃትን ትምህርትታን

**ጣልቃ ምእታዉ ናይ መንግስቲ ኣብዘን ዝስዕባ ይፍጸም**

***ዕዳጋ ምስዝመዉት***

ነጋዶ ንዐኦም ዘኽስቦም ኣቁሑት ወይ ድማ ኣገልግሎት ጥራሕ እዮም ዘቕርቡ። ኣብ ሓደሓደ ኣጋጣሚታት ንዘይከፍሉ ዓማዊል ኣገልግሎት ካብ ምህብ ምቁጣብ ድማ ኣይካኣልን። ነጋዶ ከም ናይ መንገዲ መብራህቲ ከቕርቡ ኣይክእሉን ምኽንያቱ ከኽፍሉ ስለ ዘይክእሉ መኽሰብ እዉን ኣይህልዎምን ዕዳጋ እዉን ይመዉት ስለዚ መንግስቲ ጣልቃ ክኣቱ ናይ ግድን እዩ።

ነጋዶ ኣብ ንኣሽቱ ቁሸታት ክሊኒካት ክከፍቱ ኣይደልዩን መክሰብ ዝበዝሕ ኣብ ከተማታት ስለ ዘሎ ዕዳጋ ድማ ይመዉት።

**ናይ ኢኮኖሚ ርግኣት**

እዚ ስፍሓት ናይ ኣካይዳ ናይ ደገን ናይ ዉሽጥን ዕላማ ንምውቃዕ ዝዓለመ ናይ ኢኮኖሚ ምንቅስቃስ እዩ።

ናይ ዉሽጢ ርግኣት ዝበሃል ደረጃ ምንቅስቃስ ናይ ኢኮኖሚ ኮይኑ፡ ብሓንሳብ ዘናብር መኽሰብ ክህልዎ ኣለዎ፡ ኣብ ዕብየት ናይ ኢኮኖሚ፡ እኹል ናይ ስራሕ ዕድልን፡ ናይ ዋጋ ርግኣትን።

ኣገባብ ዕዳጋ ብናይ ንግዲ ዑደት ይፍተን፡ ስለዚ ኣብ ክብን ለጠቕን ዝብል ደርጃ ናይ ኢኮኖሚ ምንቅስቃስ ድማ ይዝምብል። ንባህርያዊ ዘይምርግጋእ ኣገባብ ናይ ዋጋ ንምምጥጣን ጣልቃ ናይ መንግስቲ የድሊ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ መንግስቲ ናይ ወጻኢ ርግኣት ከጣጥሕ ኣለዎ።

ናይ ወጻኢ ጨንፈር ንድሕነት ሀገር ኣገዳሲ ጽልዋ ኣለዎ። እዘም ዝስዕቡ ምስ ዘጋጥሙ **ናይ ዓለም ኣቑሑ ዋጋታት ምቅይያር፡ ዓለምለኻዊ ወሰኽ፡ ሽርፊ ክብን ለጠቕን፡ ዕብየት ናይ ኣነጋግዳ ቁጽርታት፡ ከምኡዉን ምድግጋፍ ወይ ምትሕግጋዝ ናይ ዉሽጥን ናይ ወጻእን ጨንፈራት ፡** ንናይ ወጻኢ ርግኣት ንምኽሳብ ንእግረ መንገዱ እዉን ንዕብየትን ህንጸት ሀገርን ንምሕጋዝ ጣልቃ ናይ መንግስቲ የድሊ። ኣብ ሓደ እዋን ንምኽሳብ ናይ ዉሽጥን ናይ ወጻእን ርግኣት ብጣዕሚ ከቢድ ስራሕ እዩ። ንኣብነት ነባሪ ዝኾነ ናይ ኢኮኖሚ ዕብየት **ኣብ ናይ ዉሽጢ ርግኣት ይምርኮስ** እንድሕር ኣብ **ሓያል ናይ ወጻኢ ጠለብ ምእታዉ ተሞርኪሱ ግን** ነቲ ናይ ወጻኢ ርግኣት ኣብ ሓደጋ የውድቆ።